ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ                جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

**Eritrean National Salvation Front**

# ጸወታ`ኻ ተወድኡ ኢሳያስ፦

**2ይ ክፋል**

**ተቓወምቲ ስርዓት ደኣ ኢና'ምበር**
ተጻረርቲ ረብሓ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣይኮናን !

መዓልቲ ዕርበት ስልጣን ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣናተቓረበን እናተጋህደን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ዘለናዮ እዋን፡ ካድራት ህግድፍን ጸጥታዊ ትካላት ኢሳያስን፡ ብዙሓት መርዛማት ነፍሕታት ክነዝሑ ይርከቡ ኣለዉ። ገለ ካብ'ቶም ብጻዕቂ ዝንቀሳቐስሎም ዘለዉ ነፍሕታት ድማ፡ ኣዚ ስርዓት'ዚ እንተ ወዲቑ፡ ኣብ ትሕቲ መንግስታዊ ትካላት ኤርትራ ዝሰርሑ ሰባትን፡ ኣብ ብሕታዊ ንግዲ ተዋፊሮም ዝርከቡ ደቂ ሃገርን፡ ኩሎም ኣብ ስቪካዊ መሕደራ ዝገልግሉ ዘለዉ ሃገራውያንን ንማእሰርቲ ክሳጥሑ ኢዮም። እቶም ብጻዕሮም ንብረት ዘጥረዩ ከኣ ንሽግራት ክጋለጹ'ዮም ዝብል ይርከቦ። እዚ ክብሉ እንከለዉ፡ እቲ እንኮ ረብሓ ኩሎም ዘውሕስን ዝሕሉን ስርዓት ኣሳያስ'ዩ ይብሉ ምህላዎም ንጠራጠረሉ የብልናን። ብድሕር'ዚ ዘሎ ዕላማ ድማ፡ ነቲ እናሰፈሐን እናደልደለን ዝምዕብል ዘሎ ናህሪ ተቓውሞ፡ ኣብ ዓወት ከይበጽሐ ንምብርዓኑ ዝኣመተ ምዃኑ፡ ብዘይካ'ቶም ውሑዳት መጋበርያታት ስርዓት ካሊእ ዝስሕቶ ኤርትራዊ ዘሎ ኣይመስለናን።

ብርግጽ፡ እዚ ስርዓት በዚ ደው ከይበለ፡ ጌና ካልእ ተሓቢኦም ዘለዉ ምህዞታት ክሳብ ዕርበቱ እናሻዕ ከውጽእ ምዃኑ ኣይንጠራጠርን። እዚ ይኹን'ምበር፡ ነቲ ተበጊሱ ዘሎ ህዝባዊ ማዕበል ጠጠው ክብሎ ዝኽእል ሓይልን ሽጣራታትን ከም ዘይርከብ ንኣምን ኢና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንቅዱሳ ዕላማታት ደምበ ተቓውሞ ንምጽላም ምልካዊ ስርዓት ዘይጻሕተሮ ነገር ስለ ዘይብሉ፡ ዝበለ እንተበለ ክገርመና ኣይክልን'ዩ። "ድሕሪ ሞተይ ሳዕሪ ኣይብቆል" በለት ኣድጊ ከም ዝበሃል፡ እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ኣጋ ሞቱ ንሃገርና መለሳ ዘይብሉ ኣባልሸዩን ኣዕንዩን ክኸይድ ዝደለየ ይመስል። ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣስላም ሃገር ንምብትታን ብጉራደ ብሄራት ከመጽኹም ኢዮም እናበለ ክግዕር ይስማዕ ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ጨሪሹ ከምኡ ኣይኮነን። ወዲ ሃገር ቅድሚ ሕጂ ዝተገረሆን ዝተሃመሎን ይኣኽሎ'ዩ። ድሕሪ ደጊም ግን ክግራህ የይብሉን።

ታሪኽ ከም ዘምህረና፡ ኣብ ትሕቲ ምልካውያን ስርዓታት ኮይኖም ክገልግሉ ዝጸንሑ ኩሎም ገበነኛታት ኣይኮኑን። ከምኡ እንተዝኸውን፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ዝዋስኡ መንግስታዊ ትካላት ኮላይ ህዝቢ ሓዊስካ፡ ብጃምላ ገበነኛታት ወይ ድማ ኸዳዓት ኢልካ ምሽማም ምኾነ። እዚ ግን ብሓሳብን ግብርን ዘይስነፍልጠታውን ዘይፍትሓውን'ዩ። ከምኡ ኢሉ ዝሓስብ እንተሎ ከኣ፡ ባህርያትን ኣሰራርሓን ምልካውያን ፈጺሙ ዘይተረደአ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናይ ታሪኽ መሃይም'ውን እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣገባብ ኣሰራርሓ ዲክታቶርያውያን ካብ ባህሪያቶም'ዩ ዝብገስ። ንነብሶም ከም ወነንቲ ሓቅን፡ ጌጋ ዘይፍጽሙን፡ ከስምዑ እምበር ክሰምዑ ቅሩብነት ዘይብሎምን፡ ንነብሶም ካብ ሓጥያት ንጹሃት ዝቆጽሩን፡ ነቐፈታ ክቕበሉ ትዕግስትን ተጸዋርነትን ዘይብሎምን እዮም። ንዝኾነ ሰብ ስለ ዘይኣምኑ ድማ፡ ዓርክን ፈታውን ብጻይን የይብሎምን። ንህዝቢ ኣብ ዘገልግል መትከላት ኣይኣምኑን። ነቲ ይንኣስ ይዕበ ኣብ ትሕቲ መሕደራኦም ኣብ ዝኾነ ይኹን ሜዳ ዝምዝገብ ድማ፡ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝውዕል'ዩ ኢሎም ይዛርቡሉ ደኣ'ምበር፡ ቀንዲ ዕላምኡ ካብ ፕሮፓጋንዳዊ ሃልክን ነብሰ ውደሳን ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ምልካውያን ዝኣምንሉን ዝጣበቕሉን ሃይማኖት ወይ ማሕበራዊ ወገን የብሎምን። ከም ሃይማኖትን መትከልን ኣሚኖም ወትሩ ዝዋግኡሉ ኮረሻ ስልጣኖም ምሕላው ጥራሕ ኢዩ። ካብ'ዞም ኩሎም ዝተጠቕስናዮም ሕላገታት ምልካውያን ተበጊስና፡ ኣብ ሓደ ዕግበት ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ካብ'ዚ ድማ፡ ዲክታቶርያውያን ተጠራጠርትን፡ ተገላባጢ መርገጻት ዘርእዩን፡ ብጻይ ዘይብሎምን ፉጡራት ምዃኖም ኣዐርዩ ይበርሃልና። ምስ'ዚ፡ ህዝቢ ካብ ምሕረቶም ወጻኢ ክነብር ስለ ዘይደልዩ፡ ኣብ ህዝባዊ ንጥፈታት ፈጺሞም ኣይኣምኑን። ምልካውያን ሃገር ይውረር ኣሎ ዝብል ሓበረታ ምስ ዝሰምዑ ድማ፡ ደረጃ ስምባዴኦም ካብ'ቲ ኣንጻርካ ናዕቢ ተሲኡ ኣሎ ዝብል ወረ በጺሕዎም ዝስምብዱዎ ንላዕሊ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ቅድመ ተኸተል ጉዳያቶም ክሰርዑ እንከለዉ፡ ኣንጊሆም ንስልጣኖም ቀዳማይ ቦታ ከትሕዝዎ እንከለዉ፡ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ካልኣይ ቦታ ስለ ዝህብዎ'ዩ።

ምስ'ዚ ኹሉ ኣነነትን ጭካኔን ግን፡ ዲክታቶርያውያን በይኖም ኮይኖም ፉጹም ስልጣን ኣብ ኢዶም ክጭብጡ ከም ዘይኽእሉ ኣጸቢቖም ይፈልጡ እዮም። ስለ'ዚ፡ መሳርሕቲ ዝኾንዎም ሰባት ኣብ ምልላይ ዓቢይ ብልሓትን ተውህቦን ኣሎዎም። ከም መሳርሕቲ ኮይኖም ዘገልግሉዎም ኣብ ምምራጽ ቀዳምነት ዝወሃቦም መስፈርትታት እምበኣር፡ ገበነኛታት ዝነበሩንን ንዝፈጸምዎ ገበናት ዝከላኸል ኣያ ዝድልዮምን፡ ዝተዋህቦም ትእዛዛት ብዘይ ዕጥይጥይ ሕራይ ኢሎም ዝቕበሉን፡ መንነታዊ ቅልውላዉ ዘለዎምን፡ ነብሰ ምትእምማን ዘይብሎምን፡ ንብሕታዊ ረብሓ ቅድሚያ ዝህቡን ኢዮም። ከም'ዚ ዝኣምሰለ ባህርያት ዘለዎም ሰባት፡ ብሰንኪ ስራሓቶምን ጠባያቶምን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቅልዓት ዝወጹ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ሕብረትሰብ ክህሉዎም ዝኽእል ጽልዋ ኣዚዩ ዱኹምን ዳርጋ ዘየልቦን ክበሃል ዝከኣል'ዩ። መተካእታ ናይቲ ጽልዋ ከሕድሩ ዘይምኽኣሎም ድማ፡ ራዕድን፡ ሽበራን፡ ጨፍጨፋን፡ ብልሽውናን፡ ሓሻሽነትን ኣብ

ምዝውታርን ምዝርጋሕን ቀዳማይ መስመር ተሰሪዕም፡ እሙናት ኣገልገልቲ ናይ'ቲ ዲክታቶሪያዊ መራሒ ክኾኑ ይመርጹ። ካብ'ዚ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ክህልዎም ስለ ዘይክእል ድማ፡ ካብ ትእዛዝን ኣፍልጦን ዲክታቶርያዊ መራሒ ወጺኦም ውልቃዊ ረብሓኦም ከዕቁቡ ኣይኽእሉን እዮም። ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ክዕቄቡ ይኹን፡ መህደሚ ክረኽቡ ኣይክእሉን። ትእዛዝ መራሒ ክነጽጉ፡ ወይ ድማ ተጻራሪ ሓሳብ ከቕርቡ ትብዓትን ሞራልን የብሎምን። ብሓጺሩ እቲ ዲክታቶትሪያዊ መራሒ ከም ጅሆ ዝሓዞም ፍንፉናት ሕብረተሰብ እዮም። ሞቶምን ሕየቶምን ድማ፡ ኣብ ምቕጻልን ዘይምቕጻልን ዘገልግሉዎ ዘለዉ ስርዓት ኮይኑ ዝተርፍ'ዩ።

ጸጥታዊ ትካላትን ቀንዲ ኣፈኛታት ዲክታቶሪያዊ ስርዓታትን፡ ብከም'ዚ ዝኣምሰለ ዓይነት ጠባያት ዝልለዩ ባእታታት ዝቐሙ'ዮም። መብዛሕትኦም ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ንስርዓት ህግደፍ ከም ዓይኒ ቢለኖም ዝሕልዉ ዘለው ድማ፡ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ነውራም ባህርያትን ኣበራትን መለለይታትን ዝውንኑ ሰባት ኢዮም። መብዛሕትኦም ክሳብ ዕርበቶም ካብ'ዚ መጻወድያ'ዚ ከምልጡን ክሃድሙን ዝኽእሉ ኣይኮኑን።

ኩሎም ዝቃወሙ ዘለው ሓይልታት፡ ዲሞክራስን ሰላምን ምትሕቝቛፍን ዝነገሳ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ዘለው ደኣ'ምበር፡ ሕነ ንምፍዳይ ከም ዘይኮነ ህዝብና በዚ ፈጺሙ ክደናገር ዘይብሉ'ዩ።

<u>ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ'ዞም ቅዱሳት ዕላማታት ዝኣምኑን፡ ንምዕዋቶም ዝቃለሱን ከም ዘለው ኣዐሪና እንረግጸሉ እምንቶና'ዩ።</u> ነገር ግን፡ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ዝለበዶን ክሊማ ራዕድን ሸበራን ኮይኖም፡ ርእይቶኦም ብዓውታ ክገልጽሉ ዘኽእሎም ባይታን ዕድልን ከም ዘይረኽቡ ንፈልጥ ኢና። ስለ'ዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብናን፡ ኩሎም ኣብ ትሕቲ ትካላት መንግስቲ ኤርትራ ዝስርሑ ዘለዉን፡ ከም ኣካል ቃልስና ንቆጽሮም ደኣ'ምበር፡ ኣብ ልዕሊኦም መሻረኺቲ እከይ ተግባራት ኣሳያስ'ዮም ዝብል ክሲ የብልናን። ኩላትና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ሓቢርና ንቃለሰሉን ንዕወተሉን መዓልቲ ቀርቡ'ዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ፡ እቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ተጋደልትናን በደል ዝፈጸሙ'ውን ከይተረፈ፡ ተናስሖምን ኣብ ጎድኒ ህዝባዊ ሕቶ ተሰሊፎም ምስ ዝቃለሱን፡ ኣንጻር ስርዓት እጃሞም ከልዕሉ ድልዋት እንተደኣ ኮይኖምን፡ ህዝብና መሓሪ ከም ዝኾነ ታሪኽ ባዕሉ ዝምስክሮ ክኸውን'ዩ። ካብ ከባብና ከይረሓቕና፡ ተበጊሱ ዝዕወት ዘሎ ሰውራዊ ህዝባዊ ማዕበል ኣጸቢቕና ከነስተብህለሉን ካብኡ ክንመሃርን ይግበኣና። ስልትታትን ሽርሕታትን ኣሳያስን መሻርኽቱን ምቕባል ክሳብ መኣስ ክዕሸወና። ደጊምስ ይኣኽለና፡ ይኣኽለና፡ ይኣኽለና ክንብል ኣሎና።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

19 ሕዳር 2011